# ለውጥታት ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ንንጥፈታት መገሻታት ኣብ ስቫልባርን ዑደተመራኽብ ገማግም ባሕሪ ውሽጠ-ሃገርን ዝምልከት

– መንግስቲ ንንንጥፈታት መገሻታት ኣብ ስቫልባርድን ዑደተመራኽብ ገማግም ባሕሪ ውሽጠ-ሃገርን ዝምልከቱ ብዙሓት ስጉምቲታት ምክልኽል ለብዕታት ሕጂ የፋኹሰም ኣሎ። ገለ ካብኦም ንብዩናት ዝኾኑን ወረቐት ምስክር ኮሮና ከቕርቡ ዝኽእሉ ገያሾ ስቫልባር መርመራ SARS-CoV-2 ብምውሳድ ኣሉታዊ ዝኾነ ውጽኢት ንከርእዩ ከም ቅድመኩነት ኣይክሕተቱን ኢዮም ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ኣብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይን ኣብ ስቫልባርን ዕደተመራኽብ ገማግም ባሕሪ ውሽጠ-ሃገርን ንክኽፈት ብገለ ቅድመኩነታት ንክማላእ የፍቅድ፡ መገሻታት ነፈርቲ ካብ ውሽጢ መሬት ኖርወይ ተበጊሰን ኣብ ስቫልባር ክዓልባ ክኽእላ ኢየን። ካብ ሰንበት ዕለት 20 ሰነ ሰዓት 12.00 ኣትሒዙ ኩሎም ለውጥታት ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።

–ሕብረተሰብና እናኸፈትና ስቫልባር እውን ኣካል ክፍታና ክትኾውን ኣገዳሲ ኢዩ። ኣውራ ንስቫልባር ካብዚ ለበዳ ብፍሉይ ንክንከላኸለላ ኣድላዩ ኲይኑ ጸኒሑ፡ ሓደ ካብቲ ምኽንያታት ድሉውነት ኣገልግሎት ጥዕና ተኣፋፊ ብምዃኑ ኢዩ። ግስጋሰ ምዕባለታትና ግርም ኢዩ ዝሰልጥ ዘሎ፡ ተወሳኺ ምፍኳሳት ከነተኣታቱ ብምኽኣልና እውን ሕጉስ ኢየ ትብል ሚስትተር ፍትሕን ድልውነትን ሙኒካ ሜላንድ (የማናውያን)።

ዝኣትው ገየሽቲ ምስ ዝበዝሑ ባርዕ ለብዒ ንክኽሰት ዘሎ ስግኣት ይልዕል ብምዃኑ ንተዳልዎ ከባብያዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ንSysselmannen/ተሓታቲ ኣገልግሎት ድሕነትን ጸጋታት ዓቕሚ ሰብን ጽቕጠት ከየስዓበ ኣይተርፍን ኢዩ። ጂኦግራፈያዊ ምከና ስቫልባር ጽዑቕ ጥዕናዊ ሓገዝ ንምሃብ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ነዊሕ ግዜ ዝወስድ መጓዓዝያ ይሓትት ኢዩ፡ ምናልባሽ ባርዕ ለብዒ ኣብ ዝኽሰተሉ ኣጋጣሚታት፡ ተሓካምቲ ናብ ውሽጢ ኖርወይ ክዕቌቡሉ ኣብ ዘድልየሉ እዋን፡ ዓበይቲ ሳዕቤናት ከኸትል ይኽእል ኢዩ። ስለዚ ድማ ገለ ካብ ንስቫልባር ዝምልከቱ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ከም ዝከኣል መጠን

ብዝለዓለ ደረጃ ስግኣታት ለብዒ ንከነክይዎ ነቐጽሎም ኣለና። እዚ ማለት ከኣ ዳግመ-ክፍታ ስቫልባር ካብ ናይ ውሽጢ-ኖርወይ ዘገም ዝበለን ብክእንቈጻጸር እንኽእለሉን ኣገባብን ኢዩ ክካየድ።

## ኩነታት መገሻን ዙረትን ኣብ ስቫልባር

ንመላእ ሃገር ዝምልከት መርሓፍኖት መገሻን ዙሮትን ኣብ ስቫልባር ንከይምልከት ብዝብል ይእለ፡ ከምኡ እውን ንኹለን ኣብ መገሻን ዙሮትን ዝነጥፉ ትካላት ብርትዓዊ ዝኾነ ውሕሉል ሞያዊ ኣገባብ ምክልኻል ለብዒን ብሃገራዊ መርሓፍኖታዊ ቅጥዕታትን ብዝተኣታተወ ስርዓተመለክዒ መዘና ዋኒናት ዝኾነ ቀረብ ትካላዊ ኣካይዳ ከምቲ ኣብ ውሽጢ መሬት ኖርወይ ዝምልከት ክህልዎም ይግደዱ። ኣብ ስቫልባር ንዝርከባ መሕደሪ ኣጋይሻት 90 ሚእታዊት ካብ ዓቕመን ዘፍቅደለን ብዝሒ ኣጋይሽ ክምዝምዝኦ ይፍቀደን፡ እቲ ብሃገራዊ ደረጃ ንSysselmannen/ንተሓታቲ ኣገልግሎት ድሕነትን ጸጋታት ዓቕሚ ሰብን ክቐርብ ተባሂሉ ዝነበረ ክማላእ ዝነበሮ ቅድመኩነት ውጥን ቅጥዕታት መገሻን ዙሮትን ዝነጥፉ ዋኒናት ይተርፍ። እቲ 10 ሚእታዊት ተረፍ ዓቕሚ መሕደሪ ኣጋይሽ ንምናልባሽ ንክውሽቡን ክግለሉን ዝግደዱ ኣጋይሽ ይሕዛእ።

ካብ መገሻታት ውሽጢ-ሃገር ተወገዱ ዝብል ዝነበረ ምኽሪ መንግስቲ ግዜኡ ኣብቂዑ ኣሎ፡ ስለዚ ድማ ጉጅለኣዊ በረራ ካብ ኖርወይ ንስቫልባር ድማ ዳግም ይኽፈት ኣሎ። ንዓለምለኻዊ በረራ ዝምልከት ክልከላ ጉጅለኣዊ በረራታት ግና ከይተቐየረ ኣብ ቦትኡ ይህሉ።

### መገሻ መርከብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይን ኣብ ስቫልባርን

ቅድሚ ሕጂ ከም ዝሓበርናዮ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ሳልሳይ ጽፍሒ ዳግመ-ክፍታ መደብ መንግስቲ ኣብ ማዕላ ዑደተመራኽብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይ ክውዕል ከም ምዃኑ ኢዩ ኔሩ። እንተድኣ ዘይብዩናት ኣብ ብዝሒ ተሳፈርቲ ዘለዋ መርከብ ደዌቦም ባርዕ ለብዒ ንክኽሰት ዘሎ ተኽሎ ክብ ይብል ኢዩ። ዓሚ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝደለብናዮም ተመኩሮታት ከም ዘረድኡና ክንጥንቀቕ ከም ዘለና ኢዩ፡ ምኽንያቱ ኣብ መርከብ ዝባራዕ ለብዒ ምቍጽጻሩ ኣጸጋሚ ክኸውን ስለ ዝኽእል'ዩ። ስለዚ ድማ እቶም ኣብ መራኽብ ዑደት ዝስቀሉ ተሳፈርቲ ብወረቐት ምስክር ኮሮና ብዩናት ምዃኖም ከረጋግጹ እንተደኣ ክኢሎም ክሳፈሩ ዝኽእሉ ብዝሒ ሰባት ከዛይዱዎ ክፍቀደሎም እዩ።

ቅድሚ ምጅማር ንSysselmannen/ተሓታቲ ኣገልግሎት ድሕነትን ጸጋታት ዓቕሚ ሰብን ክቐርብ ዘለዎ ዝተማልአ መግለጺ ቅጥዕታት ክህሉ ኢዩ። ንገያሽ መርከብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይን ኣብ ስቫልባርን ብዝሒ ዝድይቡ ገያሾ ደረት ንክህሉ ይተኣታቶ ኢዩ ዘሎ፡ ክሳብ 200 ዝኾኑ ተሳፈርትን ዓቕሚ ሰብ መርከብን ዘይብዩናት ኲይኖም ቀቅድሚ ምንቃሎም ንክምርመሩ ክሕተቱ ኢዮም። እንተድኣ ኣብ ስቫልባር ዘለው ክሳብ 200 ዝኾኑ ተሳፈርትን ዓቕሚ ሰብ መርከብን ዘይብዩናት ኲይኖም ጕዑዞኦም ጀሚሮም ክውድኡ ግድን ካብን ናብን ስቫልባርን ክኾውን ኣለዎ። እንተድኣ ተሳፈርትን ዓቕሚ ሰብ መርከብን ብዩናት ምስ ዝኾኑ ክሳብ 2000 ሰባት ብሓንሳብ ንክሳፈሩ ይፍቀድ። ምምዝማዝ ዓቕሚ

ቦታ ተሳፈርቲ እንተበዝሐ 90 ሚእታዊት ይኹውን። ካብ ስቫልባር ዝነቕለት መርከብ ገማግም ባሕሪ ውሽጠ-ሃገር ተሳፈርቲ ኣብ መርከብ እንከለው SARS-CoV-2 ከም ዘለዎም ምስ ዝረጋገጽ ወይ ጥርጣረ ምስ ዝሕደር ናብ ውሽጣዊ ክሊ መሬት ኖርወይ ክትምለስ ክማላእ ዘለዎ ቅድመኩነት ኢዩ።

ካብ ገማግማዊ ፌርማታታት ተሳፈርቲ ንከይስቀሉ ዝብል ክልከላ ነተን መራኽብ ካብ ግዴታዊ ውሸባ ዝምልከተን ቦታታት ዝነቕላ ወይ ከኣ እተን ኣብ መንጐ ጉዕዘአን ግዴታዊ ውሸባ ዝምልከቶም ተሳፈርቲ ምስ ዝማልኣ ወይ እውን ተሳፈርቲ ይኹኑ ወይ ኣባላት ዓቕሚ ሰብ መርከብ ኣብተን ግዴታዊ ውሸባ ዘለወን ቦታታት ወሪዶም ምስ ዝነብሩን ኢዩ ዝምልከት። ጉዕዞ ቀቅድሚ ምዝዛሙ ጥርጠራ ለብዒ ምስ ዝህሉ ክሳብ ዝምልከቶም ሰበስልጣን ጉዳያት ጥዕና ሓዲኡ ብምውሳን ዘፍልጥዎም ኣብታ መርከብ ይጸንሑ።